Tigrinya | ትግርኛ

# ብዛዕባ ነዋሕቲ ህንጻታት ዘሎ ለውጥታት

## ሓምለ 2024



ሆምስ ቪክቶርያ ነቶም ደቂ ኣባትን ባህላዊ ሓለውቲ እዚ መንበሪ እዚ ዝህነጸሉ ዘሎ መሬት ኣፍልጦ ይህብ። ነቶም ጥንቲ ዝነበሩን ሕጂ ዘለዉን ዝመጹ ዘለዉን ሽማግለታት ከኣ ነኽብሮም።

# ሮዝ ናብ ቤትኪ እንቋዕ ብደሓን መጸእኪ!

ሮዝን ስድራ ቤታን ናብ ፍለሚንግተን ብምምላሶም ኣዝዮም ሕጉሳት እዮም።

ሮዝ ሓንቲ ካብቶም 359 ዘመናውን፣ ብቐሊሉ ዝርከብን፣ ጸዓት ዝቈጻጸርን ማሕበራውን ተመጣጣኒ ዋጋ ኽራይ ዘለዎን ኣባይቲ ንምህናጽ ካብቲ ኣብ ጐደና ቪክቶርያ ዝነበረ ግዜኡ ዝሓለፎ ኣባይቲ ዝወጹ ተኻረይቲ እያ ነይራ።

ሮዝን ስድራ ቤታን ናብ ማሕበረሰብ ፍለሚንግተን ብምምላሶም ተሓጒሶም እዮም።

ነቲ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኮድ QR ስካን ብምግባር ብዛዕባ ታሪኽ ሮዝ ዝያዳ ኽትፈልጥ ትኽእል ኢኻ።




> “ብምምላሰይ ሕጉስቲ እየ። እዚኣ ገዛይ እያ፣ ከም ፍለሚንግተን ዝበለ የለን።

www.homes.vic.gov.au/roses-story

# ዝያዳን ዝሓሸን ኣባይቲ ምህናጽ

ነቲ ኣብ ካርልተን ዝነበረ ቐይሕ ሕጡብ ግምብታት ጡረታ ናይ ምውጻእን እንደገና ናይ ምሕዳስን ስራሕ ንቕጽሎ ኣሎና።

ምስ ተኻረይቲ፣ ምስ ግደ ዘለዎም ዝተዋፈሩ ሰባት ከምኡውን ምስ ናይ ካርልተን ማሕበረሰብ ብምትሕብባር ንሓድሽ ህንጻታት፣ ንማሕበረሰብ ዝኸውን ቦታታት ከምኡውን ሓድሽ ኣባይቲ ንምስራሕ መደብ ነውጽእ ኣሎና። 196 ኣረጊት ኣባይቲ ብ231 ሓደስቲ ዘመናውን ጸዓት ዝቈጻጸርን ማሕበራዊ ኣባይቲ ኽንትክኦ ብምኽኣልና ኣዚና ኢና ተሓጒስና።



እቲ ናይ ቀደም ቀይሕ ሕጡብ ግምብታት ካርልተን ንዝያዳን ዝሓሸን ኣባይቲ ምስራሕ ባይታ ክፈጥር እዩ።

## ኣብ መላእ ሜልበርን ዝርከብ ሓድሽ ማሕበራዊ ኣባይቲ ርአ



ጎዳና ቪክቶርያ (Victoria Street)፣ ፍለሚንግተን



ጎዳና ኦክኦቨር (Oakover Road)፣ ፕሬስተን



ጎዳና ባንግስ (Bangs Street)፣ ፕራሃን

ነቲ ኣብቲ ግምቢ ዝተገብረ ምትዕርራያት ምእንቲ ኽትከታተሎ ነዚ ሓዞ

# መስርሕ ዳግመ ህንጸት ብኸመይ ከም ዝሰርሕ

## 1



### ምስ ተኻረይቲ ምዝርራብን ንተኻረይቲ ምስማዕን

ኣብ ብምሉኡ እቲ ፕሮጀክት ዝያዳ ቦታታት ንምሕዳስ መደብ ምስ ዝግበር ተኻረይቲ ኹነ ማሕበረሰባት ተሳቲፎም ኣለዉ። እቲ ምስታፍ በቲ ምስቶም ኣብ ነዋሕቲ ህንጻታት ዝነብሩ ተኻረይቲ ዘዳለናዮ ስነ-ምግባራዊ ስርዓታትን መትከላትን እዩ ዝምራሕ።

## 2



### ተኻረይቲ ናብ ካልእ ቦታ ገዓዙ

እተን ናብ ካልእ ቦታ ዘግዕዛ ጉጅለታትና ከከም ድሌትኩምን ምርጫታትኩምን ግቡእ ቤት ንምርካብ ምስ ተኻረይቲ ኹነ ምስ ኣገልግሎት ማሕበረሰብ ብቐረባ ክሰርሓ እየን። ድሕሪኡ ነፍሲ ወከፍ ተኻራዪ ኽልተ ግቡእ ኣጋጣሚታትን የወሃቦ፣ ኣብታ ሓዳስ ቤቱ ድማ ኽቕመጥ ቀጻሊ ደገፍ ይረክብ።


## 3



### መደብ ምውጻእ

ምስቶም ኣብዚ እዋን እዚ ዘለዉ ተኻረይቲ ኹነ ማሕበረሰባት ዓሚቝ ተሳትፎ ምግባር ንድፊ ሓደስቲ ኣባይትን ዝተሓደሰ ኽባቢታትን ዝመርሕ ሓበራዊ ራእይ ምህላዉ የረጋግጽ።

## 4



### ተጠንቂቕካ ምፍራስ

ነፍሲ ወከፍ ህንጻ ብጥንቃቐ እዩ ዝፈርስ። እዚ ከከም እቲ ህንጻ ክሳዕ ኽልተ ዓመት ክወስድ ይኽእል እዩ። ብእተኻኣለና መጠን ነቲ ማሕበረሰብ አብ ከይዲ እዋናዊ ሓበሬታ ንህቦ፣ ብዝተኽኣለ መጠን ድማ ነቲ ኣቕሑ ዳግም ክንጥቀመሉ ኢና።

## 5



### ናይ ሕንጻ ቦታ ምድላውን ህንጸትን

መደባትን ንድፍን ምስ ተፈቕደ እሞ ሓደ ሃናጺ ምስ ተሸመ ሓድሽ ኣባይቲ ንምህናጽ ህንጸት ይጅመር። እዚ ኻብ ክልተ ኽሳዕ ሰለስተ ዓመት ክወስድ ይኽእል እዩ። እቲ ማሕበረሰብ ሓበሬታ ይረክብ ኣብ ከይዲ ኣብ ዝግበር ፍጻመታት ንኽካፈል ድማ ይዕደም።

## 6



### ሓደስቲ ተኻረይቲ እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም!

እቲ ሓድሽ ማሕበራዊ ኣባይቲ ምስ ተዛዘመ እቶም ናብ ካልእ ኣባይቲ ዝገዓዙ ተቐማጦ ብዘለዎም ቀጻሊ ብቕዓትን ድልየቶምን ተመርኲሱ ናይ ምምላስ መሰል ኣለዎም። ሓደስቲ ተኻረይቲ እውን ኣባይቲ ኽወሃቦም እዩ።

**እዋናዊ ሓበሬታ ንምርካብ ተመዝገብ**

www.homes.vic.gov.au/sign-up-project-updates

**ንሆምስ ቪክቶርያ ስዓቡ**

ፌስቡክ/Facebook: @homesvicgov

ኢንስታግራም/Instagram: @homesvic

ሊንክድኢን/Linkedin @homes-victoria

# ማሕበረሰብና፣ ስነ-ምግባራዊ ስርዓታትና


ማሕበረሰብና፡- ስነ-ምግባራዊ ስርዓታትና ነቲ ንተኻረይቲ ዘሎና ቼራጽነት ዘመልክት ስነ-ምግባራዊ ስርዓታት እዩ፣ ኣብ ብምሉኡ እቲ ኣብ መላእ ሜልበርን ዝርከብ ናይ ነዋሕቲ ግምብታት ኣባይቲ ዳግመ ህንጸት ብኸመይ ከም እንረዳዳእን ምስ ተኻረይቲ ብኸመይ ከም እንተሓባበርን ድማ ክመርሓና እዩ።

ካብ ታሕሳስ ንነጀው ልዕሊ 700 ተኻረይቲ እንታይ ከም ዘገድሶምን እንታይ ክርእዩ ኸም ዝደልዩን ክንፈልጥ ኣማኺርና ኢና። ተኻረይቲ ብዛዕባ ነፍሲ ወከፍ ስነ-ምግባራዊ ስርዓታት ከምኡውን ካልኦት ርእይቶን ንኣብነት ከም ስሩዕ እዋናዊ ሓበሬታ ምሃብ፣ ጕጅለታት ዋትስኣፕ/WhatsApp፣ ጕጅለታት ድምጺ ተኻረይቲ፣ መደባት መራኸብቲ ማሕበረሰብ ምድላው፣ ከምኡውን ተኻረይቲ ናብ ካልእ ቦታ ንምግዓዝ ዝሕግዝ ደገፍን ንጹር ሰሌዳ ግዜ ምሃብ ዝኣመሰለ ሓያሎ ሓሳባት ሂቦምና እዮም።

ኣብዚ እዋን እዚ ብዛዕባ እቲ እተቐበልናዮ ርእይቶን ነቲ ስነ-ምግባራዊ ስርዓታት ብኸመይ ከም ዝቐረጽን ዝገልጽ ጸብጻብ ነዳሉ ኣሎና ነዚ ድማ ኣብ ሓምለ ኽነሓትሞ ኢና።

## ናይ ማሕበረሰብ ስነ-ምግባራዊ ስርዓታትን መትከላትን እንታይ ኢዩ?

ኣብቲ ናይ መጀመርታ ርእይቶ ተመርኲስና ናይ **ማሕበረሰብና፡- ስነ-ምግባራዊ ስርዓታትና** ቀዳመዋይ ንድፊ ኣማዕቢልና ኢና። ናይ ማሕበረሰብ ስነ-ምግባራዊ ስርዓታትን መትከላትን ነቶም ተኻረይቲ ዘለና ቼራጽነት ከምኡውን ነቲ ኣብ ሜልበርን ዝርከብ ናይ ኣባይቲ ግምብታት እንደገና ኣብ እነመሓይሽሉ እዋን ምሳታቶም ብኸመይ ከም እንሰርሕ መምርሒ ክኾነና ኢዩ።






## ኣብ ክራይ ገዛኻ ንዝመጽእ ለውጢ ንምድላው ዝያዳ ግዜ

ሕጂ ምስቲ ኣብ ክራይ ገዛኻ እተገብረ ለውጥታት መንታን ክትላመድ ኽሳዕ ሕዳር 2024 ኣለካ።

ክራይ ገዛኹም ብግቡእ ምእንቲ ኽንሕሉን ዘድልየኩም ጥራይ ምእንቲ ኽትከፍሉን በጃኹም ቅድሚ እዚ ግዜ እዚ ኣብ ኣታዊኹም ወይ ኲነታትኩም ብዛዕባ ዘሎ ለውጥታት ንገሩና።

ሕቶታት እንተ ኣልዩኩም ወይ ሓገዝ ዘድልየኩም እንተ ዀይኑ በጃኹም በዚ ዝስዕብ ኣቢልኩም፡- www.housing.vic.gov.au/contact-housingvic ርኸቡና

ዝኾነ ይኹን ተኻራዪ ኻብቲ ዝረኽቦ ኣታዊ ካብ 25 ሚእታዊት ዘይበዝሕ ገንዘብ ንኽራይ መንቲ ኽኸፍል ክፍሊት ክንከየሉ ከመልክት ይኽእል እዩ።

ካብ ናይ ዕዳጋ ዋጋ ኽራይ ገዛ ዝኽፈል ነፍሲ ወከፍ ስድራ ቤት ዝርከብ ዶላር ዝሓሸ ህዝባዊ ኣባይቲ ንምህናጽ እዩ ዝውዕል። እቲ ኽራይ ከም ናይ ህንጻታት ጽገና ከምኡውን ንኹሉ ህዝባዊ ኣባይቲ እንተላይ ነቲ ነዋሕቲ ህንጻታት ዝኸውን ከም ጽሬትን ካልእ ወሳኒ ኣገልግሎትን ዛአማሰለ ናይ ተኻረይቲ ኣገልግሎታት ንምሃብ እዩ ዝውዕል።

**ኣብ ህዝባዊ ኣባይቲ ዝካረ ዝኾነ ይኹን ተኻራዪ ኻብቲ ዝረኽብዎ ኣታዊ ልዕሊ 25 ሚእታዊት ክራይ ገዛ ኣይከፍልን እዩ። እዚ ኸኣ ካብቲ ዕቑባ ዘይብሉ ናይ ብሕቲ ዕዳጋ ክራይ ኣዝዩ ዝተፈልየ ኢዩ።**

## ኣተኩሮ ጽገና



**ሆምስ ቪክቶርያ ተኻረይቲ ኣብኡ እናነበሩ ኸለዉ ነቲ ነዋሕቲ ህንጻታት ብቐጻሊ ንምጽጋን ቈሪጹ ኣሎ።**

እቲ ናይ ነዋሕቲ ህንጻታት ኣባይቲ ምቹውን ንምንባር ዝጥዕምን ንምግባር ከም መልዓሊት (ሊፍት)፣ ናይ ቡምባን ኤለክትሪክን ዝኣመሰለ ኣገልግሎታት ንጡፍ ኮይኑ እንዳቐጸለ፣ ብተወሳኺ ክብ ምባልን ምምሕያሻት ምግባርና ኣይከነቋርጽን።

ከም ግብረ መልሲ ነቲ ተኻረይቲ ዝሃብዎ ርእይቶ ህጹጽ ዘይኰነ ጽገና ንምግባር ዝሕግዝ ኣገልግሎት ንምምሕያሽ፣ ኣብ ኖርዝ ሜልበርን፣ ፍለሚንግተን፣ ኖርዝ ሪችሞንድ፣ ካርልተን ከምኡውን ኮሊንግዉድ ዝርከቡ ናይ ጽገና ሰራሕተኛታት ኣብ ግብሪ ኣውዒልና ኢና። እዚ ፕሮግራም እዚ ነቶም 95 ሚእታዊት ተኻረይቲ በቲ ኣገልግሎት ዕግበት ብምሃብ ንተኻረይቲ ብዙሕ ውጽኢት የምጽኣሎም ኣሎ።

ብኣሽሓት ዝቝጸሩ ተኻረይቲ ካብቲ ክሽነታትን ሽቓቕትን ዝተምሓየሹ፣ ድሩብ መስተያት መሳኹቲ ዝተገጥመሉ፣ ሕድሳት ክፍሊታት ማሕበረሰብን መረባታት ህንጻን ዝተገበረሉ ንነዊሕ እዋን ዝጸንሐ ናይ ነዋሕቲ ህንጻታትን ምምሕያሽ ፕሮግራም ተጠቒሞም ኢዮም።

**ቤትካ ጽገና ወይ ምሕዳስ ዘድልዮ እንተ ዀይኑ ብሰለስተ መገድታት ምስ ቤት ጽሕፈት ኣባይቲ ክትራኸብ ትኽእል ኢኻ፡-**

**ደልው** **13 11 72**

**ኢሜይል** **tenant.maintenance@dffh.vic.gov.au**

**ኦንላይን** **www.maintenance.forms.homes.vic.gov.au**

# እዋናዊ ሓበሬታ ብዛዕባ ናብ ካልእ ቦታ ምግዓዝ

## ፍለሚንግተንን ኖርዝ መልበርንን

ኣብዚ ቐረባ ኣዋርሕ ካብ ኖርዝ ሜልበርንን ፍለሚንግተንን ዝርከቡ ነዋሕቲ ህንጻታት ዝገዓዙ ተኻረይቲ ናብቲ ኣብ ጐደና ቪክቶርያ፣ ፍለሚንግተን ዝተሃንጸ ሓድሽ ማሕበራዊ ኣባይቲ ክግዕዙ ጸኒሖም ኢዮም። እዚ ኸኣ ነቶም ኣቐዲሞም ከም ክፍሊ እቲ ፕሮጀክት ጐደና ቪክቶርያ ናብ ካልእ ቦታ ዝገዓዙ ተኻረይቲ ምምላስ ዘጠቓልል ኢዩ። እዚ ኣሃዱታት ኣባይቲ እዚ በቶም ኣብቲ ሓድሽ ኣባይቶም ዘሎ ምቹው መንበሪ ቦታን ናይ ብሕቲ መሳለጥያታትን ዘስተማቕርዎ ተኻረይቲ ብቕልጡፍ ይውሰድ ኣሎ።

ኣብዚ ቐረባ ግዜ ኣብ ጐደና ኣቦትስፎርድ፣ ኖርዝ ሜልቦርን ዝርከብ ኣብ ቀረባ ካብ ዝተሃንጸ ኣባይቲ ተኻረይቲ ሓድሽ ኣባይቲ ኽወሃቦም ኢዩ። እዚ ኸኣ ካብቲ ኸም ሓድሽ ቤት ጌርኩም ኽትሓስበሉ እትኽእሉ ኣብ ከባቢኹም ዘሎ ኽልተ ሓድሽ ምዕባለታት እቲ ኻልኣይ እዩ። ነቲ ኣብ ጐደና ኣቦትስፎርድ፣ ኖርዝ ሜልበርን ዝርከብ ሓድሽ ኣባይቲ ኽትሓስበሉ እንተ ደሊኹም በጃኹም ነቲ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ዘግዕዝ በዓል-መዚ ንገርዎ። ሕጂ ነቲ ቦታ መእንታን ክትርእይዎ ነቲ ኣብ ከባቢኹም ዘሎ ሓድሽ ኣባይቲ ኽትርእይዎን ከም እትደሊ እትገልጽሉ እዋን እዩ።

ነዊሕ ከይጸናሕኩም ናብ ሓድሽ ቤት ትግዕዙ እንተ ኣሊኹም እሞ ብዛዕባ እቲ መስርሕ ገለ ሕቶታት እንተ ሃልዩኩም በጃኹም ምስቲ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ዘግዕዝ በዓል-መዚ ተራኸቡ። እቲ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ዘግዕዝ በዓል-መዚ መን ምዃኑ ርግጸኛ እንተ ዘይኼንኩም ወይ ኣድራሻኡ እንተ ዘይብልኩም በጃኹም ናብ relocationsteam@homes.vic.gov.au ኢ-መይል ብምልኣኽ ወይ ሓገዝ ንምርካብ ምስ ቤት ጽሕፈት ሃውሲንግ ተራኸቡ።

ንኹለን ኣብ ካልእ ነዋሕቲ ህንጻታት ዘለዋ ቦታታት ዝርከብ ስድራ ቤታት ሓበሬታታትን ምኽርን ንምሃብ ብቐጻሊ ንመጣጠር ኣለና፣ ስለዚ ክትግዕዙ ከለኹም ምሉእ ብምሉእ ሓበሬታ ከምዘለኩምን ትድገፉ ከምዘለኹምን ኰይኑ ከም ዝስምዓኩም ንኣምን።

---

## ዝያዳ ሓበሬታ

ናብዚ ብጻሕ:- homes.vic.gov.au/high-rise-victoria

ኢሜይል:- enquiries@homes.vic.gov.au

ብ 13 11 72 ናብ ማእከል ደወል ሃውሲንግ ደውል

---

## ንሆምስ ቪክቶርያ ስዓብ

ፌስቡክ/Facebook: @homesvicgov

ኢንስታግራም/Instagram: @homesvic

ሊንክድኢን/Linkedin @homes-victoria

## ትርጉማት

homes victoria

VICTORIA State Government

ብመንግስቲ ቪክቶርያ ዝተፈቕደን ዝተሓትመን፣ 1 Treasury Place, Melbourne, © State of Victoria, ሆምስ ቪክቶርያ (Homes Victoria) (ዳይሬክተር ኣባይቲ) ሓምለ 2024። ብፊንስበሪ ግሪን ሜልበርን ቪክቶርያ ዝተሓትመ (HV010324)